# ስራሕ ህግደፈ ሽኩሽኳ
# ኣይለቅቕን እንተሒዙካ

*ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ*

15/08/09 ኖርወይ

ስድራብቶም ጸኒቱ ብህግደፍ ተጋፍዑ
ህግደፋውያን ከኣ ፌስቲቫል ይስዕስዑ
ውሽጦም እናነብዐ ንይምሰል የጣቕዑ
ሓንጎሎም ሰሪቑ ለዊጥዎም ናብ ቆልዑ

ዓበይቲ ገዲደን ምስ ህግደፍ ዝኾሸማ
ኣድጊ ምስ ዒሉኣ ወርቂ ተሸሊማ
ኣብ ምርጫ ብመን ኣላ ዓሻ ተጠቕሚ
ጽዕነታ ደርቢ ፈጽበለት ናብ ከተማ
ባንደራ ህግደፈ ተሰኪማ ንዘይጠቕማ

ሸወደን ዘላ ዓባይ ሸይጣን ኮለነል ለተንጉስ
ኣብ ጀርመን ወይዘሮ መንታል ጋዕሳመ ሃሳስ
ከም በዓለ ዶ.ጊዶኦን ሕማቕ ምሁር ወትራስ
ዘራጊቶ ሶፍያ ተስፋማርያም ጋዓሪት ወልፋስ

ዚኦምዮም ብሃገር ተላገጽቲ ኣጽንዑዎም
ተንኮል ዝተዓጥቑ ደቂ ማህጸና መሲሎም
መርዛም ተግባራቶም ንጥፍኣትና ዝዕልም
ሓዊ ዝኣጉዱ ዘለዉ ሃገርና ከይትልምልም
ሕልሞምዩ ከምዘይ ነበርና ከብሉና ህልም

ሕቡኣን ከውሒ ልቦም ኒሕ.ዘይብልኩም
ከምዘይ ብጻሓኩም እትሪኡ ኣማዕዲኹም
ብጠጠውኩም እናተወርሰ ዑናቦኹም
ካብዚ ምጸታትዚ ታይ ትጽበዩ ኣለኹም

መሬት ዓደቦና ደፊሮም ዘርእና ናጥፍኡ
መቦቆልና ሓኺኾም ዘየስማትና ናጸውዑ
መድሕ መበቆልና ዝተቐብሮ ናመንዝዑ
ፈናቒሎም ሕድሕድ ቅርሕንቲ ናዘርኡ
መሬት መናጢሎ ሓው ንሓው እናዋግኡ
ድሕርዚ መቕዘፍቲ እንታይኹም ክትሪኡ

ታዩ ጉዱ ናይ መን መርገምዩ ወርዱና
ህግደፍ እምበር ካልእ ንመን ክንብል ኢና
ከየናሕሰ ዝኣስር ንጹሃት ጳጳሳትና ሸኻትና
ኣረጊት ኣይብል ሕጻን ዘጋፍዕ ኣብ ጎደና
ከምዚ ዝበለ ታኣምር ቅሚ ሎሚ ዘይኣና
ኣይወግሓልናንዩ ካብ ህግደፍ ከይተላቐቕና
ኤረና ኩሑሎ ሎም ዘመን ሐዲኡሎ

ሕቡኣን ከውሒ ልቦም ኒሕይብልኩም